ካቶሊካዊ ርእሰ ኤጳርቅና ዘበአሥመራ
አሥመራ - ኤርትራ

ዕለት: _____

መወ. ቁ: _____

"ሓቅስ ብርእሳ እንተቐበርካያ ብእግራ ትወጽእ!"

ርእሰ ዓመት ፩ መስከረም ፳፻፲፪ ዓ.ም.ግ. ፣ 12 መስከረም 2019 ዓ.ም.ፈ.

ክቡር ሕዝበ እግዚኣብሔር፣

"ጸጋ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ፍቐሪ ኣምላኽን ኅብረት መንፈስ ቅዱስን ምስ ኩላትኩም ይኹን" (2ቆሮ 13:13)።

እንሆ ሎምዘመን እውን እግዚኣብሔር ካብ ዓመቱ ሉቃስ ናብ ዓመተ ዮሓንስ ብደኃነ ሰላም ከሳግረና ከሎ፣ ስለዝፈትወናን፣ ህያብ ሓዲሽ ዓመት፣ ሓዲሽ ሕይወት፣ ሓዲሽ ዕድል፣ ክህበና ስለዝደለን እዩ። ንሕና ከኣ እዚ ኩሉ ጸጋ ካበይ ኮነለይ ቢልና ብምስጋና ተቐቢልና ንስርሓሉ ፣ነፍርየሉውን። ብፍላይ ነዚ እንኣትዎ ዘሎና ዘመነ ዮሓንስ ብመንፈስ ቅንዕናን ሓቅነትን ክንነብሮን ከይተሓለልና ድማ ንፍትሕን ንሰላምን ንዕርቅን ዝከኣለና ክንገብር ንዕደም ኣሎና። ዕርቀ ሰላም ብሓቅነትን ብቅንዕናን እንተደለናዮ እዩ ዝመጽእ። ሓቅን ሓሶትን ተደባሊቐ፣ ሰብ ተደናጊሩ ኣብ ዝርከበሉ ጽንኩር እዋን ንሓቅን ንቅንዕናን ፍሉይ ትኩረት ክንህብ ኣድላዪ ይኸውን።

እቲ *"ሓቅስ ብርእሳ እንተቐበርካያ ብእግራ ትወጽእ"*፣ ወይ ከኣ *"በትሪ ሓቅስ ትቐጥን እምበር ኣይትሰብርን"* ዝብል ምስላ ቀዳሞትስ ብርግጽዶ ይስርሕ ኣሎ እዩ ኣብ ዘብል ጊዜ ኢና ንርከብ ዘሎና? ሓቂ ተቐቢራ ዝተረፈት ወይ ከኣ ምቕጣን ጥራሕ ዘይኮነ ጭራሽ ዝተሰብረት እያ ትመስል ዘላ። እዚ ዝተጠቕሰ ምስላታት ዝሰርሕ ዝነበረ ከምቲ መጽሓፍ ሲራክ ዝብሎ፣ ሰባት ፈሪኃ እግዚኣብሔርን ፍቐሪ ሓቅን ተኣማንነትን ስለዝነበሮም እዩ። *"ምእንቲ ሓቂ ክሳዕ ሞት እውን እንተኾነ ተጋደል፣ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ባዕሉ ክዋግኣልካ እዩ"* (ሲራ 4 ፣ 28)። ኣብዚ ከኣ *"ሎሚ ኽ ከምኡ እንገብር ንህሉዶ ንኽውን? ንሕና ንርእሰናኽ ምእንቲ ሓቂ ምሞትናዶ?"* ዝብል ሕቶታት ክመጽኣና ባህርያዊ እዩ። በዚ ሎሚ ጊዜ፣ ከምቲ ነቢይ ኢሳይያስ፣ *"ፍርዲ ድማ ንድሕሪት ኣቢሉ ተመልሰ፣ ጽድቂ ከኣ ኣብ ርሑቕ ቆመ፣ ሓቂ ኣብ ኣደባባይ ወደቐ፣ ቅንዕናውን ኪኣቱ ኣይተኻእለሎን። እወ ሓቂ ተሳኢኡ፣ እቲ ካብ ዘመተ ዚርሕቕ ድማ ርእሱ ንዘመተ ይውፈ"* (ኢሳ 59: 14-15) ዝበሎ ኮይኑና ከይሀሉ የስግእ እዩ። ኣወ፣ ብእውነት ሓቂ ተሳኢኡ፡ ደቂ ሰብ ኣብ ጊዚያዊ ጠቕምን ፖሊቲካዊ ዓወትን ኣተኩሮም *"ንሕጂ ጥራይ ይቕናዓና እምበር ወላ ነቲ ሓሶት ሓቂ፣ ንሓቂ ድማ ሓሶት ኣምሲልና"* ከነቕርብ ጸገም የልቦን ኣብ ዝበሃለሉ እዋን ኢና ንርከብ ዘሎና። ኣሞጽ ነቢይ ንሕዝቢ እስራኤል *"ንስኻትኩም ነቲ ብቅንዕና ዚዛረብ ትፍንፍንዎ"* (ኣሞ 5:10) ይብሎም ከምዝነበረ ሓቂ ዝዛረብ ሰብ፣ *"የዋህ"* (ሎሚ ዓሻ ማለት እዩ ዘስምዕ) ኣብ ዝበሃለሉ ጊዜ ኢና በጺሕና ዘሎና። ሓቂ ንምጥምዛዝ፣ ሓቂ ንምቕባር ዝከኣለና ንገብር ዘሎና ንመስል። ገለ ጸገም ምስዝርከብ ድማ ኩሉ "ኣጋጣሚ" እዩ "ጸገም የለን" ንብል። በዚ ምኽንያት እዩ እቲ ለባም *"ሓቂ ክትምሰክር ከሎኻ ሓቂ ትወጽእ፣ ሓሶት ክትምስክር ከሎኻ ግና ሓቂ ትጠፍእ"* (ምሳ 12:17) ዝበለ። ንሕና ኣመንቲ ግን ከም ክርስቶስ መድኃኒና መስከርቲ ሓቂ ክንከውን ኢና ተጸዊዕና። እሞ ከመይ ኣሎና? *"ኩሉ እንድዩ ዝገብሮ ዘሎ፡ ንበይነይዶ ክጸድቕ ኮይነ"* እናበልናዶ ጊንይን ሓሶትን ምኻኑ እናፈለጥና ንፍጽሞ ኣሎና?

"ሓሶትሲ እንተ ተደጋገመ፡ ሓቂ ይመስል" ከምዝበሃል ሎሚ፡ ራድዮን፡ ጋዜጣን ተለቪዥንን ኢንተርነትን ሓቂ ንምምሳል ይቀዳደማ። ሓቂ ድዩ ኣይኮነን? ኣይኮነን እቲ ሕቶኣን። እቲ ቀንዲ ሕቶኣን መን ቀዲሙ የእምን? መን ዝያዳ የምስል? እዩ ኮይኑ ዘሎ። ቅዱስ ጳውሎስ ከምዝበሎ፣ *"እዚ ከኣ ነቲ መለኮታዊ ሓቂ ናብ ሓሶት ሰለዝለወጥዎ"* (ሮማ 1:25) እዩ። *"ሓሶት ክበሃል ከሎ ንኽተጋ ኢልካ ልብኻ ሓቂ እናፈለጦ፣ ዘይኮነ ምዝራብ እዩ። ጐይታ ድማ ንሓሶት ከም ግብረ ሰይጣን ይኹንኖ። "ንስኻትኩም ካብ'ቲ ኣቦኹም ዲያብሎስ ኢኹም---ሓቂ ኣብኡ ሰለዘየልቦ'ውን ኣብ ሓቂ ኣይጸንዕን እዩ። ሓሳዊ ንሓሶት'ውን ኣቦኣ ሰለዝኾነ ሓሶት ክዛረብ ከሎ፣ ካብ ርእሱ እዩ ዚዛረብ (ዮሓ 8:44)"* (መ.ሃ.ቍ2482)። እቶም መማህራን ሕጊ ንሶስና ብሓሶት ምስ ከሰስዋ፣ ዳንኤል ነቢይ ኣብ ቅድሚኣም ደው ኢሉ፣ *"ኣ ሕዝቢ እስራኤል! ክሳዕ ክንድዚዶ ዓያሹ ኢኹም? ኪይመርመርኩምን ብቕዕ ምስክርነት ኪይረኽብኩምሲ ንሓንቲ ጓል እስራኤል ክምዚ ጌርኩም ንሞት ክትፈርዱዎ?"*(ዳን 13:48) ብምባል ንሓቂ ደው በለ፣ ነታ ንጽሕቲ ጓል እስራኤል ድማ ተጣቢቐ ሓራ ከምእትወጽእ ገበረ። ሎሚኽ ከምኡ ጌቢርናዶ ንሓቅን ንውዱዕን ደው ንብል? በንጻሩ እኳ፡ ብዝበዝሕ ባህሊ ሓሶት ሰፊሑ ባህሊ ሓቂ ተዳኺሙ ከይሀሉ ዘየስግእ ኣይኮነን። *"ሕማቕ ዘበንሲ ካብቲ ሸው ዝገብረካስ፣ እቲ ዝገድፈልካ"* ከምዝበሃል፡ ሎሚ ንሓዋሩ ከትእርሞ ዘሸግር ልማዳት ሳዕሪሩ ኣሎ። ብቀሊሉ ናይ ሓሶት መርዓ፡ ናይ ሓሶት ስም፡ ናይ ሓሶት ሸርፊ፡ ናይ ሓሶት ጸጉሪ፣ ናይ ሓሶት ስኒ፣ ናይ ሓሶት ዕድመ፡ ናይ ሓሶት ምስክር ወረቐት፣ ከም ንቡር ተወሲዱስ ብኅሊናና እውን ኣብ ዘይንውቀሰሉ ደረጃ በጺሕና ንርከብ ኣሎና። እዚ ከኣ ካብ ዋሕዲ እምነት ዝምንጩ ኩነታት እዩ። መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ነቶም ካብ ንሓቂ ንሓሶት ክኣምኑ ዝመርጹ ዝነበሩ ኣይሁድ *"ኣነ ሓቂ ሰለዝዛረብ ኣይትኣምኑንን---ሓቂ ዝዛረብ ካብ ኮንኩሽ ሰለምንታይ ዘይትኣምኑኒ? እቲ ካብ ኣምላኽ ዝኾነ ንሱ ንቃል ኣምላኽ ይሰምዕ እዩ። ንስኻትኩም ግና ካብ ኣምላኽ ኣይኮንኩምን፣ ሰለዚ ኢኹም ዘይትሰምዑ"* (ዮሓ 8:45-47) ክብሎም ተረኽበ። ባዕሉ *"መንገድን ሓቅን ሕይወትን ኣነ እየ"* (ዮሓ 14:6) ኢሉና እዩ። ነቢይ ኢሳይያስን ቅዱስ ጴጥሮስን እውን *"ንሱ ኃጢኣት ኣይገበረን፡ ሓሶትውን ኣብ ኣፉ ኣይተረኽበን"* (1ጴጥ 2:22 ኢሳ53:9) ይብሉና። ክርስቶስ ሓቂ ብርእሳ፡ ብርሃን ብርእሳ፡ ሕይወት ብርእሳ፡ እዩ። ንእኡ እንተተኸቲልና ከኣ ሕይወትና ወትሩ ኣብ ሓቂ ዝተመስረተት ክትከውን እያ።